ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY



# ናይ ሓዘን መግለጺ

ሓፍትናን ብጾይትናን ጽገወይኒ ሃይለ ተስፋጽዮን ብዓልቲ ቤቱ ንክቡር ብጻይና ሃይለስላሴ ኪዳነ ብዝሓደራ ሕማም ኣብ ሕክምና ክትእለ ድሕሪ ምጽናሕ እታ ጽዋእ ናይ ኩልና ደቂ ሰባት ዝኾነት ዘይትተርፍ ዕርፍቲ ኣርኪባታ እንሆ ብዕለት 09 ታሕሳስ 2016 ካብ ተኸብሮምን ትፈትዎምን ስድራ-ቤታን ኩሎም ቤተሰባን ኣዕሩኽታን ብሞት ተፈልያትና፣ ሎሚ ረቡዕ ታሕሳስ 14/2016 ኣብ ዋሽንግቶን ስያትል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሓመድ ኣዳም ለቢሳ። ሓፍትናን ብጾይትናን ጽገወይኒ ሃይለ ፈቃርን ኣላይትን ሓብሓቢት ስድራቤታን ቤተሰባን ኢያ ነይራ፣ ክሳብታ ዓራት ሒዛ ዝወደቐትላ እዋን ከኣ ብኹለንትኣ ተሓባበሪትን ተሓጋገዝትን ልዋህ ኢያ ነይራ። ሓፍትናን ብጾይትናን ጽገወይኒ ኣብ ዘይተጸበናዮን ዘይሓሰብናዮን እዋን ብኽምዚ ብሞት ክትፍለየና መሪር ሓዘንን ጓህን እናተሰመዓና ንመላእ ስድራ-ቤታን ቤተሰባን ኩሎም ፈለጥታን ጽንዓት ይሃብኩም ንብል! ንዓኣ ከኣ መንግስተ ሰማይ የዋርሳ ሉዑል ኣምላኽ ኣብ ገኑ ይቀበላ።

ደግሓኤ ዞባ ሕ/መ/ኣመሪካ።

ታሕሳስ 14/2016።